07/10/2019

## ዘስደምምን፤ ዘሕርንን፤ወርሕ ሰነ፤

መሬት ብናይ ክረምቲ ማይ ክትርሕስ፤ ክትሕፀብ፤ ሓረስታይ ትግራይ ሓሪሱ ክዘርእ፤ ዝርአት ካብ ዕዳጋ ክሽምት ተዳሊዩ ብ ዕለት ሰነ /15/81 ዓ/ም. አብ ዝወፈረሉ እዋን ብናይ ደርጊ ግፍዒ መሬት ሓውዜን ብደም ተሓፂባ መሬት ፀልሚታ ፤ህዝብና መሪር ሐዘኑ ውሒጡ ተይተሰኹነ ንደርጊ ብትብ ዓት መቃብር አውሪድዎ።ድህሪ ኡ ድማ ናብቲ ዝተቓለሰላ ዕላማ ድኽነት ንምጥፋእ መዓንጥኡ አስጢሙ ብደምን ዓፅምን ዝተሓፀረት 60 ሺህ ዝወሓጠት ፤ል ዕሊ 100 ሺህ ኣካሉ ዝጎደለ ዝሓቖፈት መሬት ደቃ ዝተሰውኡሉ ዕለት አጀኹም ቅሰኑ ዓሰርኩም ተኸቲልና ዝሃብኩምና ሕድሪ አይነ ዕበርናን ቅንፅ ኢልኩም ተትር እዩና ክንደይ ምተሓጎስኩም ዝተረፈና ድማ ክንምልእ ቃል ንአትወልኩም ኢሉ ደቁ ብሂወት እምበር ብመንፈስ ከምዘይተፈለይዎ ንብዓቱን ናፍቖቱን ውሒጡ ዝክረ ስማእታቱ እንተይወድአ ርግምቲ ዕለትን ወርሕን ዳግም ደም ፈሲስዋ አውያትን መርድእን ንትግራይ ኮይኑ፡፡ ጅግንነት ብፆት ሰዓረን፤ገዛኢ ብተግባር አብ ዓውዲ ውግእ ዝርአየ፤ርህርህኖቶምን ህዝባውነቶምን ዝተገንዘብ፤ዕላማኹም ቅኑዕ፤ትብዓትኩም ዘድንቕ ንሎሚ ይቕር በሉለይ ኢሉ ተንበርኪኹ ዝለመነ፤ ከም ጌታችን እየሱስ ክርስቶስ ንመፃጉእ ሎሚ ምሒረካ እየ ዓራትካ ተሸኪምካ ኺድ ሓጢያት ተሰሪሕኻ ዝኽፍአ ሸግር ክበፅሐካ እዩ ኢሉ ዘሰናበቶ ማቴዎስ ም ዕራፍ 14-15 ንሶም እውን ከም ኡ ኢሎም ዝምሓርዎም አፀንትዮም ሰላም፤ውሕስነት አለዋ ኢሎም አብዝአምኑላ ገዝኦም ብድርቦም ቀቲልዎም ።ንምንታይ ታይ ስለዝገበሩ ብየማን ፀጋም ዝነፍስ መፀለምታ ተፃዊሮም ለይትን ቀትርን ዘብዒ ሕገ መንግስቲ ስለዝኾኑ፤ጡረታ ወፂኦም ንሃገር ዝጠቅም ሓሳብ እናመንጨዉ ስለዘማኸሩ!

አንታ መከራ ዘየሰኩነካ ኩሉ ጊዜ ዝናር ዝተዓጠቕካ አቦ፤አንቲ ድርብ መቐነት ተቐኒትኪ ጅግና ወዲ ህዝቢ ዘፍሪ ማህፀንኪ አዶ” አስምዕዎም” ትብዓትን ጀግንነትን ትግራይ ሱር ዝሰደደ ካብ መንግስቲ አኽሱም ዝጀመረ ናይ ደገን ውሽጢ ዓድን ዘሕፍረ፤ ኣብ ታሪኽ ብወርቂ ቐለም ዝተፃሓፈ ብዓጀው መጀው ዘይሃስስ ፤ሕዝውን መስዋእቲ ዘሕርንካ/ኪ ከም ጭርኣ ዝተነኸሰት ሓራስ ነብሪ ዘቖጥዐካ/ኪ ምኻንካ/ኺ አሚኖም ኢዶም ክእርንቡ፤ወርሓ ሰነ ሕሉፍ ትዝክረሉ ብልም ዓት ትሕበነሉ ክትከውን ነዚ ጥራህ ጠጠው ከምዝበልካ፤ብትግራዋይነትካን፤ብኢትዮጵያዊነትን ከምትኹርዕ መሰረት ሓድነትን ማዕርነትን ምኟንካ ነዚ እውን ሕልፊ መስዋእቲ ከምዝኸፈልካን ሕልፊ ጥቕሚ ከምዘይሓተትካን ይፍለጡ።

ካብ መስዋእቲ ተሪፉ እዋን ዕረፍቱ /ጡረተኛ/ ሕድሪ ስውኣት አለኒ ደምኩም እዩ ደምና ፤ከማኹም ክስዕ ንክ ኸውን ንህዝብና ክነገልግል ኢና ፤አይንጠልምን ቃልኪዳና፤ ዝብል ጭርሑኡ ተሓንጊጡ ክሳዕ ሕማሙ ዘይስምዖ ብዘይ ዕረፍቲ ጅግንነቱ ንመን እሰይ ትግራይ ከስርፅ ድፋዕ ትግራይ ንኽኸውን ክሃንፅ ብዛ ጀጋኑ ዘይትፀግብ ወርሓ ሰነ ንብፆቱ ሰዓረን ገዛእን ብፃይ አብርሃ(ኟርተር) ብሕማም ተሰዊኡ ስዒብዎም፡፡

አንታ ዓይኒ ብሌን ህዝቢ ትግራይ ዝኾንካ መንእሰይ! እዞም ኣያታትካ ከቢድ ሸኽምን ሓላፍነትን ሂበሙኻ እዮም ዝሰናበቱ ዘለው ንስኻ ድማ ፀረ ልምዓት፤ሕገ መንግስቲ ብሓይሊ ክፍርስ ድቃስ ንዝሰኣኑ ፤ ናይ ህዝቢ ትግራይ ክብርን ታሪኽን ዘይተረድ ኦም ፅልመት ዝኸድኑ ካብቶም ሕሉፋት ቅያ ዝሰርሑ አያታትካ ካብቶም ተረፍ መስዋእቲ አብ ከባቢኻ ዘለዉ ደቂ ህወሓት ተሞክሮ ቅሰም፤ዕላምኦም ንምዕዋት ዝነበሮም ስጡም ውዳብ፤ትብዓቶም፤ሓልየቶም፤ውሑልል ናይ ቃልሲ ስልቶም ተገንዘብ፤

ስርዓት ውድብ ፈሊጥካ አሰራርሓ ተኸቲልካ፤ን ዕላማኻ ስጡም ውዳበ ፈጢርካ ውሑልል ዝኾነ ናይ ቓልሲ ስልቲ ሒዝካ ብትብዓት ኹሉ ፀገማት ክትሰግር ህዝቢ ማእኸል ገይርካ ክትኻዓዝዘኽለካ ስንቂ ከስኑቕኻ  ተይሓለፉ ከሕልፉልካ ግዜ ከይቀደመካ ተረባረብ፤ቁምጣኻ ተኸዲንካ ድኻ ትግራይካ ብውዑይ ሓይልኻ ክተልምዕ ከምዝተሳእኻ ፤ትግራይካ ከይትድፈር ተወዲብካ ሓፁር ከምትኸውን ይአክል ትርፊ መስዋእቲ ምኽፋል ኢልካ ድምፅኻ ክተስም ዕ ንዝሓለፉ አያታትካ ድማ ሕድርኹም ተቐቢልና ብስጡም ውዳበ ንልምዓት ክንወፍር ሓፁር ክልልና ክንከውን ኢና  ቅሰኑ ዝብል ቃል ትኣትወሉ እዋን እዩ።

አንቱም ስድራ ብፆት  ሰዓረ፤ገዛኢ አብርሃ፤ከምቶም ዝሓለፉ ብፆትኩም ብጀግንነት ዘኸርዕ  ስርሒት ስርሖም ዝሓለፉ ደቅኹም ከምቶም ቀዳሞት ወለዲ ስድራ ስዉአት ብደቆም ዝሕበኑ ፤ንስኹም እውን አሰሮም ተኸቲልኩም ነዚ መሪር ሓዘን ብምሕባን ክትቅይርዎ እግዚአብሔር የፅን ዕኹም።

አንቱም አጋጣሚ ዕድመ ሂቡኩም ካብ መስዋእቲ ዝተረፍኩም ተጋደልቲ፤ አብ ትግራይ ንዝህሉ ትኩስ ሓይሊ መንእሰይ ከመይ ተወዲብካ ብትብዓት ፤ውፍይነትን፤ህዝባዊ  ፍቕርን  ተቓሊስካ ዕላማኻ ከምተፍፅም መሪሕኹም ዘቃለስኩም ዘድንቕ ዓወት ክኻናፀፍ አመራርሓ ዝሃብኩም ፤አቶም ተጋደልቲ አመራርሓ ተቐቢልኩም ብፅንዓትን ናይ ፕርንስፒል ሰባትን ኮይንኩም  ዓወት ንኽሕፈስ ዝተረባረብኩም  አብቲ ውሽጢ  እቲ ተይበልዐ ከይትጠምዩ  ዘዐንገለኩም ፤ ተይተተኸደነ  ከይትቖሩ ዘልበሰኩም ድፋዕ ውድብ ኮይኑ ጠጠው ዝበለ ህዝቢ ውሽጢ ዝንየኹም ሕዝውን ነታ ዝተረፈት ዕድሜኹም ሻማ ሻማ ኢልኩም ብፅሑፍ ጥራሕ ዘይኮነስ  ነቲ መን እሰይ ብኣካል እናረኸብኩም ወዲብኩም ትግራዩ ከልምዕ፤ዋሕስ ጠበቓ ኮይኑ ክሕልዋ ምስ ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵይ ማዕርነታዊ ሓድነት ክፈጥር ኢትዮጵያዊነቱ ከጠናኽር ብዝ አተኽምዎ ቃልኪዳን ስውኣት ውፍይነትኩም ክሳዕ ዕለተ ሞትኩም ይኹን ። አሰር ናይ ቀረባ ስውእ ብፃይ ኣብርሃ ኧርተር ተኸተሉ።

አንቱም ስውኣትና ቅሰኑ፡ ንሕና ከማኹም ክሳዕ ንኸውን ዝሃብኩምና ሕድሪ አይንጠልምን ሃገርኩምን መንግስትኹምን ቀቅድሚት እናኸድኩም እንትትሕልዉ ብድሕሪት ኮይኖም ንዝተኹስልኩም ብቕልጡፍ ተፃሪዩ ንህዝብና ክንገር ዘየዳግም ህጋዊ ስጉምቲ ክውሰዶም ከምንገብር አይትጠራሩ፤ደምኩም ክቡርን ህያውን እዮም ፈሲሱ አይቐርን።

መንግስቲ ክልል ትግራይ፡ ብሃገር  ደረጃ ይኹን ከባቢ ዘለዉ ፅዕንቶታት ተፃዊርካ ብስምዒት  ከይተደፋእኻ ንልምዓት ብትብዓት ክትምርሽ ትገብሮ ዘለኻ ምንቅስቓስ ከምቲ ልሙድ ካብ ውድብካ ህወሓት ዝወሰድካዮ ተሞክሮ እዩ እሞ ፅቡቕ ጅማሮ እዩ ቐፅለሉ ፡፡ መሰረቱ ዝደልደለ ፅርየቱ ዘተኣማምን ንህዝቢ ጠጠው ዝበለ መሓውር ክህልወካ ነዊህ ግዘ ዝወስድ እኺ ተኹነ ህዝባዊ ተሳትፎኻ አጠናኺርካ ንዕላማኻ ብ ፅንዓት  ጠጠው ብምባል ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሓይሊ ሰብ ብዝግባእ ተጠቒምካ ውዳበኸ አሐይልካ መርሽ። ጥንኻረኻ ንዝፈትዉኻ ይኹን ንዝፀልኡኻ ወሳኒ እዩ ።

ኩሉ ግዜ ንህዝቢ እናሓሰብኩም ምእንቲ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ስውኣት መንግሰተ ሰማያት ክፍቲ ክኾነልኩም ንምነ፤

ዕላማ ስውኣትና ኩሉ ግዜ ህያው እዩ፡

ትምክሕተኛታት መሬት እሾኽ ኮይና ክትውሕጦም እያ!

ካብ ሓደራ ትግራይ